## ዜና (21-06-2006)

### ሶማል፡ ኢትዮጵያ ሰራዊታ ኣብ ውሽጢ ሶማል ተእትው

ብኸበድቲ ኣጽዋራት ዝተሰነየ ሰራዊት ኢትዮጵያ ኣብ ውሽጢ ሶማል ከምዝኣተወ ንገለ ምንጭታት ካብቲ ከባቢ ብምጥቃስ ሲ.ኤን.ኤን ሓቢሩ። እዚ ዝኾነ ሰራዊት እስላማዊ መጋባእያ ሚሊሻ ሶማል ንስትራቴጂካዊት ከተማ ባዶዋ ንምሓዝ ኣብ ወሰናስን እታ ከተማ ኣብ ዝጸንሑሉ እዋን ምኳኑ እቲ ዜና ሓቢሩ። ንዝበዝሓ ደቡባዊ ክፋል'ታ ሃገር ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሩ ኣእትዩ ዝርከብ ሰራዊት እስላማዊ መጋባእያ ኢትዮጵያ ብህጹጽ ሰራዊታ ካብ ሶማል ክተወጽእ ሓቢሩ። "እዚ ምስዘይገብሩ ኩናት ጂሃድ ክንጽውዕ ኢና፡ ንዝተወሰነ እዋን ብትዕግስቲ ክንጽበዮም ኢና፡ ትእዛዝና እንተዘይኣኽቢሮም ግን ግብረ መልሲ ክንህብ ኢና" ክብል መራሒ እስላማዊ ሚሊሻ ሶማል ሼኽ ሸሪፍ ሼኽ ኣሕመድ ንኣሶሼትድ ፕረስ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ ሓቢሩ። እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ኣፈኛ መንግስቲ ኢትዮጵያ ንመሰጋገሪ መንግስቲ ሶማል ካብ እስላማዊ ሚሊሻ ንምክልኻል ኣድላይ ዘበለ ስጉምቲ ክወስዱ ምኳኖም እቲ ዜና ብተወሳኺ ሓቢሩ።

### ሱዳን፡ ሕ.መ.ኣ. ንተልእኾ ኣፍሪቃዊ ሕብረት 116 ሚልዮን ዶላር ሓገዝ ይህብ

ኣብ ምዕራባዊ ሱዳን ዳርፉር ብዘጋጥም ዘሎ ቅልውላዋትን ውግእን ኣድላይ ሓገዝ ንምሃብ ተባሂሉ፡ ኣሜሪካ ናይ ኣስታት 116 ሚልዮን ዶላር ንመሳለጢ ተልእኾ ሕብረት ኣፍሪቃ ክትህብ ምኳና ኣጀንስ ፍራንስ ፕረስ ሓቢሩ። እዚ ተሰሊዑ ዘሎ ሓገዝ ምስቲ ኣብ 2004 ኣቐዲሙ ዝተዋህበ ናይ ኣስታት 247 ሚልዮን ዶላር ሓገዝ ምኳኑ እቲ ዜና ሓቢሩ። ዛጊት ኣስታት ካብ 180 ሽሕ ክሳብ 300 ሽሕ ዝኾኑ ሰባት ከምዝሞቱን ኣስታት 2.4 ሚልዮን ከምእተመዛበሉን ይፍለጥ።

### ኔፓል፡ ላዕለዋይ በዓል-ስልጣን ስደተኛታት ትዕግስቲ ክገብሩ ይምሕጸን

ኣብ መዓስከር ስደተኛታት ኔፓል ዝርከቡ ስደተኛታት ቡህታን እቲ ኣብ ስደት ዘሕለፍዎ ናይ 15 ዓመታት ኣብ መዕለቢኡ ክበጽሕ ምኳኑን እንተኾነ ግን

ትዕግስቲ ክገብሩ ላዕለዋይ በዓል-ስልጣን ኮሚሽን ስደተኛታት ቹንግ ሆፕኪንስ ክምዝሓበረ ሮይተርስ ገሊጹ። ንሳ ነዚ ዝሓበረት ኣብ ሰለስተ ሃገራት ኤሽያ ኣብ ዝገበረቶ ዑደት እዩ። ኣስታት 18 ሽሕ ዝኾኑ ስደተኛታት ኣብ ሂማላያ ክምዝርከቡ እቲ ዜና ብተወሳኺ ሓቢሩ።